# መስርሕ ዕርቂ ኣብ ውሽጥኻ ብእትገብሮ ሕደሳን ለውጥን ይጅምር

## ኣብ መበል 23 ፈስቲቫል ፍራንክፎርት ብኣሰፋው በርሀ ዝቐረበ

ብልምዲ ዕርቂ ክበሃል ከሎ፡ ንዝተባእሱ ሰባት፡ ኣካላት፡ ውድባት፡ መንግስታት፡ ህዝብታት ወዘተ ኣብ ስምምዕ ምብጻሕ ማለት ኢዩ። ብሓደ ከም ዝሰርሑን ዝነብሩን ምግባር ማለት ኢዩ። እዚ ድማ ብምዝርራብ ብዘተ ዝብጻሕ ኢዩ። ኣብ ባእሲ ፋይዳ ከምዘየለ ኩሉ ስለዝርዳእ ንባእሲ ዘይጸልእ ዘይረግም ንዕርቂ ከኣ ዘይጽውዕን ዘይዝምርን ከቶ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። እቲ ዝሰኣን፡ እቲ ሳሕቲ ጥራይ ዝርከብ፡ ቅኑዕ ዕርቂ ዝብጽሓሉ መንገዲ ዝፈልጥ ኢዩ። ዕርቂ ንክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንዘለዉ ኣካላት ዝምልከት ጌርና ድኣ ንወስዶ ኮይንና እምበር፡ ዕርቂ ምስ ነብስኻ ምትዕራቕ ውን ዝምልከት ኢዩ። ግደፍዶ ሓደ ውድብ መዓት ዝተጥናነገ ዝምድናታትን ዕማማትን ዘለዎ፡ ሓደ ዉልቀ-ሰብ ውን እንተኾነ ሂወቱ ምምራሕ ኣሸጊርዎ፡ ናብ ኣማኽርቲ ኣብ ዝኸደሉ ምስ ነብሱ ክተዓረቕ ከምዘለዎ ይምከር ኢዩ። ብኡ መጠን ውን ውድባት ምስ ጠለባት መድረኽ ክተዓረቓ ዘድሊየን ምዃኑ ፍሉጥ ኢዩ።

ሰውራዊ ባይቶ ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ጀሚሩ ረቛሒታት ናይ ዓወት ስትራተጂ ኢሉ ዘቐመጦም ዓበይቲ ጉዳያት በቢደርጃኦም እናሰርሓሎም ክመጽእ ጸኒሑ። እቲ ቀንዲ ኣድህቦ ጌርሉ ዝጸንሐ ጉዳይ ግን ኣብ ውሽጣዊ ሃለዋቱ ኢዩ። ንውድቡ ምልዋጥን ምሕዳስን ቀዳማይ መሰርዕ ምትሓዙ፡ ርእሱ ከየሐደስን ከይለወጠን ከዐውቶ ዝኽእል ነገር ዘየለ ምዃኑ ስለ ዝተገንዘበ ኢዩ። ሃለዋትካ ከየምዓራረኻ፡ ንርእስኻ ብቑዕ መሳርሒ ናይቲ እትቃለሰሉ ዘለኻ ዕላማ ከይገበርካ ከተድምዕ ኣይክኣልን ኢዩ ኣብ ዝብል ዕግበት ስለዝበጽሐ ኣብ ምሕዳስን ምልዋጥን ርእሱ ተጸሚዱ። ምሕዳስ ምልዋጥን ክበሃል ከሎ፡ ምሕዳስ ኣብ ኣተሓሳስባ፡ ምልዋጥ ኣብ ኣወዳድባ፡ ምልዋጥ ኣብ ኣገባብ ኣቀላልሳ፡ ምልዋጥ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሓ፡ ምሕዳስ ኣብ ተውፋይነት፡ ምሕዳስ ኣብ ሽግር ኣገጣጥማ ማለት ኢዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ህዝቢ ክክተሎ ዘለዎ ኣገባብ ኣቀራርባ፡ ምስ ካልኦት ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከቡ ሓይልታት ክህሉ ዘሎዎ ርክባትን ዝወስዶ ኣገባባትን፡ ምስ ኣብ ዞናና ዝርከብ ህዝብታትን መንግስታትን ዝምድናና ዝስረተሉ ናይ ሓባር ጥቕምታትን ዝምረሓሉ መትከላትን ዘጠቓለለ ዝምልከት ውን ኢዩ።

ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ውድቦም ፈንጢሖም ምስ ብራእይ ዝሰማምዕዎም ተቓለስቲ ሓዲሽ ሰልፊ ክምስርቱ ምብቃዖም ዓቢ ፈተነ ኣብ ጉዕዞ ለውጢ ሰጊሮም ኣለዉ። ቀሊል ኣይኮነን ከም ሂወትካ ንብረትካ ታሪኽካ ጌርካ ንእትቖጽሮ ዝነበርካ ውድብ በዚ መልክዕ እዚ ታሪኹ ክትድምድም። ናይ ዝሓለፈ ታሪኽ እሱር ምዃን ኣብቂዑ፡ ነዚ ዘለናዮ ናይ ቃልሲ መድረኽ መቃለሲ ዝኸውን ናይ ቃልሲ መሳርሒ ተፈጢሩ ኣሎ።= ብሓዲሽ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ክምራሕ ይህልዎ። እዚ ኢዩ እቲ ቀንዲ ከርሲ ናይቲ ለውጢ። ኣብ ለውጢ ዘድሊዮ ኩነታት ክንካ ምቅላስ ማለት፡ ለውጢ ብነብስኻ ምጅማር ማለት ኢዩ። ብቐጻልነት ምክያዱ ማለት ኢዩ። ናይ ለውጢ መልእኽተኛ ኢየ ኢሉ ንነብሱ ዝጽውዕ ውልቀ-ሰብ ይኹን ውድብ፡ ሰልፊ ይኹን ማሕበር መልእኽቱ ንኸዕዉት ለውጢ ኣብ ነብሱ ክጅምሮን ኣብ ሂወቱ ብዘይምቁራጽ ከዘውትሮን ዘለዎ፡ ዘይስገር ግዴታ ኢዩ።

ከም ኤርትራውያን ሓደ ነዊሕ ናይ ቃልሲ መዋእል ሰጊርና ኣብ ሓዲሽ ናይ ቃልሲ መዋእል ንርከብ ኣለና። ባዕዲ ናይ ምስጓግ ዕማም ወዲእና ሃገር ናይ ምህናጽ መዋእል ኣቲና። ባዕዲ ኣብ ምስጓግ ዝነበረና ኣተሓሳስባን ኣወዳድባን ኣገባብ ኣቀላልሳን ምስቲ ግዜሻቲን ደረጃ ንቕሓትናን ዝኸይድ ኢዩ ኔሩ። ካብቲ ብዙሕ ሽው ዝተገልገልናሉ፡ ጽቡቕ ጌርና ክንምርምሮ እንተበቒዕና ግን፡ ሎሚ ፈጺሙ ዘየገልግለና ኮይኑ ዝርከብ ክህሉ ኢዩ።

ንናይ ቃልሲ ኣተሓሳስባና ዝቐርጽዎ ብዙሓት ረቓሒታት ኣለዉ፡ ቀንዲ ካብኦም ድማ፡

- ክብጻሕ ዝድለ ዕላማታት፡

- ኣህጉራዊ ኩነታት
- ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ መደረኽ፡ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና ዝፈጠሮ ጽልዋን፡ ባህላዊ ምዕባለናን

**ክብጻሕ ዝድለ ዕላማታት፡**

ዝኾነ ናይ ቃልሲ መደረኽን ዕላማን ንዑኡ ዘገልግል ኣተሓሳስባን ኣወዳድባን ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከሎና፡ ዕላማና ጸላኢ ምስዓር ኔሩ። ንሕና ከም ሃገር ከም ህዝቢ ክንህሉ ስለዝነበረና መግዛእቲ ካብ ሃገርና ንምጽራግ ብረታዊ ቃልሲ ምክያድ ክንሰግሮ ዘይንኽእል ምርጫ ኔሩ። ኣብ ሃገርና ከም ህዝቢ ንክንህሉ ጸላኢ ክጠፍእ ክስዓር ኔርዎ። ናይ ሎሚ ዕላማ ግን፡ ኩሎም ደቂ ሃገር ብማዕረን ፍትሕን ብሓባር ዝነብሩላ ዲሞክራስያዊት ሃገር ምፍጣር ኢዩ። ካብቲ ናይ ቀደም ዕላማ ዝፍለ ኢዩ። ነዚ ብተልእኾኡ ዝፍለ ዕላማ እዚ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ምስኡ ዝሰማማዕ ኣገባብ ቃልሲ ክንከተል ዝግባኣና ኢዩ።

**ኣህጉራዊ ኩነታት ኣብ ክንመርጾ ዘሎና ኣገባብ ቃልሲ ዘለዎ ጽልዋ፡**

እቲ ዝሓለፈ መድረኽ፡ ናይ ሰውራ መድረኽ፡ ብሽዑ ኣብ ዓለም ገኒኑ ዝነበረ ሰውራዊ ፍልስፍና ዝግዛእ ኔሩ።

- ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ሻምብቆ ብረት ይምንጩ ዝበሃለሉ እዋን፡
- ኣነ ክስዕር ተቓዋምየይ ክስዓር፡ ኣነ ክመልኽ ተጻባእየይ ክምለኽ፡
- ንእንካን ሃባን ከም በለጽ ዝቖጽር፡
- ንሕድገታት ከም ተምበርካኽነት ዝርኢ ኣተሓሳስባ ኔሩ።

ሎሚ ግን ኣብ ብዙሕነት ተኣሚንካ፡ ብሓባር ምስራሕን ምንባርን እቲ እንኮ መዋጽኢ ኣብ ሂወት ደቂ ሰባት ምዃኑ ርዱእ ኢዩ።

**ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ መደረኽ፡ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና ዝፈጠሮ ጽልዋን፡ ባህላዊ ምዕባለናን**

ኣብ ኣተሓሳስባ ህዝብና መጺና ክንርኢ እንተኾይንና፡ ሓይሊ ዘይብሉ ወይ ምስ ሓያል ዘይተጻግዐ ክዕወት ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ዳርጋ እምነት ኣሎ። ንካባና ዝዓቢ ሓይሊ ጸላኢ ብሓይሊ ብረት ስዒርና ሃገራዊ ናጽነትና ከም ዝተጓናጸፍና ህዝቢ መጠን፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ኣእምሮና ዝሓዞ ስፍራ ቀሊል ኣይኮነን። ንሕና ክንነብር ጸላኢ ይሰዓር ይደምሰስ፡ ካብ ዝብል ሓሳብ ዝነቐለ ኣገባብ ኣቀላልሳ ኣብ ባዕዳዊ ጸላኢ ጥራይ ኣይኮነን ተጠቒምናሉ፡ እቲ ዘሕዝን ኣብ ሓድሕድና ውን ብመሪር መልክዑ ተጠቒምናሉ ኢና። ክንጠዓሰሉ ክንንህየሉን ዘሎና ተመኩሮ ኢዩ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ገና ካብ ኣእምሮና ኣይተላቐቐን። መዋእል ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ኣእምሮና ካብ ዘስፈሮ፡ ግድን ድማ ክንልውጦ ዘሎና ኣተሓሳስባ፡ ዕጥቂ ዘይብሉ ዕላማኡ ክዐውት ኣይክእልንሻዩ ዝብል ኢዩ።

እዚ ሎሚ ዘሎናዮ ናይ ቃልሲ መዋእል፡ ሃገር ናይ ምህናጽ መዋእል፡ ብዕላማታቱን ኣህጉራዊ ኩነታቱን ከምኡ ውን ብዝተቐስመ ተመኩሮታትን ካብቲ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ መድረኽ ይፍለ ኢዩ። ነዚ ፍልልያትሻዚ ዘንጊዕና ኣብቲ ናይ ቀደም ኣተሓሳስባና እንተሊና፡ ንሓዲሽ ሽግር ብናይ ቀደም ኣተሓሳስባን ኣገባብን ክንፈትሖ ዘይከኣል ኢዩ።

ኣብ ምህናጽ ሃገር ኩሎም ዜጋታት ተዋሳእቲ ኢዮም። መሰል ናይ ብናጻ ምውሳእ ኣለዎም። ኣብ ሃገር ምህናጽን ብሓባር ንምንባርን ዘኽእሎም፡ ንኩሎም ሓቝፉ ዘዋስኦም መእሰሪ ክገብሩን ብኡ ተኣሲሮም ክንዓዙን ድማ ይግባእ። ነዚ ሓቂዚን ተደላይነታቱን ኪሕዱ ዝኽእሉ ሓይሊ፡ ደጋፊ መንግስቲ ዲዩ ጸረ-መንግስቲ ንመስረታዊ ምቕሚታት ሃገር ዘይተገንዘበ ኢዩ። ናይ ሓባር ዕላማ ብናይ ሓባር ስራሕ ጥራይ ዝዕወት ምዃኑ ዝዘንግዐ ኢዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ እምነት ዘለዎም ኣካላት ቅድም-ቀዳድም ምስዚ ክውንነትዚ ምትዕራቕ

የድሊዮም። ነብሶም ምስ ኩነታት ከመዓራርዩ ይግባእ። ሓድነት ንስለ ሓድነት ኢልካ ዝጽዋዕ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጥኻ ዝጅምር ስራሕ ኢዩ። ሓድነት ወይ ዕርቂ፡ ውድባት ወይ ሰልፍታት ኣብ ሓድሓዶም ብዝገብርዎ ምጽንባር ወይ ምስምማዕ ዝብጻሕ ጥራይ ድማ ኣይኮነን። ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ ነብሱ ለዊጡ ወይ ኣሓዲሱ፡ ኣፍ-ደገኡ ኣርሒዩ ምስ ኩሉ ብሓሳብ ዝሰማምዖ ኮይኑ ሓዲሽ ጥርናፈ ክፈጥር እንተተጓዒዙ ውን ሓድነት ምርግጋጽ ኢዩ።

ርሑቕ ከይከድና፡ ሰውራዊ ባይቶ ዝተኸተሎ ውድቡ ኣፍሪሱ ሓዲሽ ሰልፊ ናይ ምምስራት መንገዲ ምስ እንርኢ፡ ምስታፍ ናይ ብዙሓት ሓደስቲ ኣባላት ኣብቲ ጉዕዞ፡ ካብቲ ሰውራዊ ባይቶ ክገብሮ ዝኽእል ሓድነት ምስ ህሉዋት 3-4 ውድባት ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ዘይንእስ ኢዩ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን እቲ መስርሕ ለውጢ ካብ ህዝቢ እናረኸቦ ዝኸይድ ዘሎ ደገፍ ዓቢ ኢዩ። ኣብ ኣተሓሳስባን ኣወዳድባን ብዝግበር ለውጢ፡ ሓድሽ ዓቕሚታት ዝዋፈር ምዃኑ ብተግባር ተማሂርናሉ ኢና።

ካብዚ ኣብነት እዚ ብምንቃል ዕርቂ ወይ ሓድነት፡ ውድባት ኣብ ሓድ-ሕደን ዝገብርኦ ምትዕራቕ ጥራይ ኣይኮነን። ምስ ኩነታትን ንሱ ዝጠልቦን ምትዕራቕን ምውህሃድን ውን የድሊ ኢዩ። ኩነታት ዝጠልቦ ካልእ ንስኻ እትሰርሖ ድማ ካልእ እንተኾይኑ። ብርኡይ ምትዕራቕ ዘድሊዮ ነገራት ኣሎ። ንኩነታት ብልክዕ ምንባብን፡ ነቲ ኩነታትን ጠለባቱን ነብስኻ ምብቃዕን እታ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ናይ ሓድነት (ዕርቂ) ኢያ። ኩሉ ንኩውንነት ብልክዕ ኣንቢቡ ጠለባቱ ኣብ ምምላስ እንተበቒዑ ተፈላሊዩ ዘንብሮ ወይ ውን ንፍልልያቱ ዘየመሓድረሉ ምኽንያት ኣይህሉን።

እንታይ ኢዩ ዕርቂ?

ዕርቂ ደቂ ሰባት ንዘለዎም ፍልልያት ብግቡእ ኣማሓዲሮም ተሳኒዮም ዝነብርሉ ሂወት ምብጻሕ ኢዩ።
ኣብ ዕርቂ ንምብጻሕ መስርሕ ክትጅምር፡ ብቕዳምነት ሓድ-ሕድ ምፍላጥ ክህሉ ይግባእ። ኣነ ብዘይ ብኣኻ፡ ንስኻ ብዘይ ብኣይ ጎድሎ ኢና ኣብ ዝብል ተረድኦ ክብጻሕ የድሊ። ናብ ዕርቂ ዘብጽሑ ዘተታት ዕዉታት ንክኾኑ ድማ፡

- ብእንካን- ሃባን
- ብሕድገታት
- ኣብ ናይ ሓባር ዓወት ብምሕሳብ
- ብምትእምማን ክስነዩ ይግብኦም

ፍልልያት መፍትሒ ኔርካሉ ማለት ዝምድና ኣብቲ ክበጽሖ ዝግብኦ ደረጃ በጺሑ ማለት ኣይኮነን። ነቲ ተበጺሑ ዘሎ ፍታሕ ብግቡእ ምስ እትጥቀምሉ ግን፡ ዝምድናታት ናብቲ ክበጽሕ እትደልዮ ወይ ውን እትምነዮ ደረጃ ከበጽሕ ይኽእል ኢዩ። እብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሸነኻት ዘሎ ፍልልይ ግብእ ፍታሕ ረኺቡ ንኽብሃልን፡ ኩሎም ሸነኻት በቲ ፍታሕ ተማእዚዞም ንኽኽዱን፡ ብመሰረቱ እቲ ፍታሕ ኩሉ ሸነኻት ዝዓገበሉ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ንኽረጋገጽ እቲ ፍታሕ ንሽግራትን ርእይቶታትን ናይ ኩሉ ሸነኻት እብ ግምት ዘእተወ ምስ ዝኸውን ጥራሕ ኢዩ።

ኣብ ተመኩሮና ከምዝረኣናዮን ሎሚ እውን ጌና እንርእዮ ዘሎና ቀንዲ ሽግራት ናይ ዕርቂ ነዞም ዝስዕቡ ክጥቀስ ይከኣል፡

1. ናተይ ርእይቶ ጥራይ ዝሓዘ ፍታሕ ክመጽእ ኣለዎ

ኣብ ተመኩሮና ይኹን ኣብ ተመኩሮ ካልኦት ከም እንዕዘቦ፡ ውድባት ወይ መንግስታት ምስ ዝተፈላለይዎ ሸነኽ ኣብ ዕርቂ ንኽበጽሑ፡ እቲ ሓደ ሸነኽ ነቲ ናቶም ርእይቶ ከም ዘለዎ ክቕበሎ ይደልይዎ። ብመሰረቱ ናይ ሓደ ሸነኽ ርእይቶ ከም ዘለዎ ቅቡል ክኸውን

ኣብ ዝከኣለሉ ኩነታት እንተድኣ ሃሊዮም ፍልልይ እውን ኣይነበረን ማለት ኢዩ። ኣብ ዓለምና ኩሉ ሽንኻት ንናቱ ርእይቶ ማለት ንርእይቶ ናይ ካልኦት ኣብ ግምት ከይእተወ ንምዕዋት ስለዝቃለስ እቲ ናይ ዕርቒ መስርሕ ዝተሓላለኸ መልክዕ ይሕዝ እሞ ኣብ ፍታሕ ንምብጻሕ ነዊሕ ጊዜ ይሓትት። ብዘይካ እዚ እውን ነቲ ዝነበረ ዝምድና ኣብ መንጎ እቶም ተፈላልዮም ዘለዉ ሽንኻት ናብ ዝኸፍኤ ደረጃ ይበጽሕ።

## 2. ዝለዓለ ናይ ዕርቂ ስምምዕ እንተዘይተበጺሑ ዕርቂ ኣይተረጋገጸን

ርዱእ ኢዩ ፍልልይ ዘለዎም ሽንኻት ከረጋግጽዎ ዝደልዩ ዘለዓለ ስምምዕ ስለ ዘለዎም፣ ኩሉ ሽንኻት ናብቲ ዝለዓለ ስምምዕ ንምብጻሕ ክኸተሎ ዝመርጾ ዝተፈላለየ መንገድታት ኣለዎ። ተጻረርቲ ኣካላት ተዓሪቖም ንኽብሃሉ ግን፡ ናይ ግድን ኣይኮነን ኣብ ዝለዓለ ስምምዕ ክበጽሑ። ኣብ ዝለዓለ ስምምዕ ንምብጻሕ ናብ ዝለዓለ ደርጃ ከብጽሑ ዝኽእሉ መንገድታት ምትላምን ምኽታልን፡ ናብኡ ከብጽሕ ዝኽእል ኩነታት ምፍጣርን የድሊ ኢዩ። እዚ መንገዲታትኻዚ ከኣ፡ ብዘይካ ናብኡ ብከብጽሕ ዝኽእል ሃዋሁ ምፍጣር ብኻልእ መንገዲ ክረጋገጽ ኣይኽእልን ኢዩ። ከምኡ ውን እቲ ኩነታት፡ ብዘይካ ብኽንዲቲ ክትሰማማዓሉ እትኽእል ስምምዕ ኣቢልካ ብኻልእ መንገዲ ክረጋግጽ ከም ዘይክእል ምእማን ኣድላይነት ኣለዎ። እቲ ሎሚ ኣብ ፈተነታት ዕርቂ ገኒኑ ዝረአ ዘሎ ጸገም፡ ዝለዓለ ስምምዕ ኣንተዘይተበጺሑ፡ ስምምዕ ወይ ዕርቂ ኣይተበጽሔን ዝብል ግጉይ እምነት ምህላዉ ኢዩ። ብመሰረቱ ዕርቂ ደረጃኡ ብዘየገድስ ብሓባር ክትሰርሓሉ እትኽእል ኩነታት ምፍጣር ማለት ስለዝኾነ፡ ናብ ዝለዓለ ስምምዕ ንምብጻሕ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምክንኻን የድሊዮ። ብዝተሓተ ውን ይኹን፡ ብሓባር ምስራሕ ከይጀመርካ፡ ናብ ዘላዓለ ስምምዕ ክብጻሕ ኣይካኣልን ኢዩ።

## 3 ስግኣታት ኣብ ሓድነት

ተጻረርቲ ሽንኻት ኣብ ሓድነት ነናቶም ፍርሒ ኣለዎም። እቲ ዝሓየለ ሽንኽ ናይቲ ዘተ፡ እቲ ድኹም ሽንኽ ሓይሊ ደሊቡ ከይስዕሮ ወይ እውን ከይወዳደሮ ይሰግእ ኢዩ። በቲ ካልእ ሽንኽ ድማ እቲ ድኹም ሽንኽ፡ እቲ ሓያል ሽንኽ ኣብ ውሽጡ ኣእቲዩ ከየሕቅቖ ይፈርሕ ኢዩ። ኩሎም ነቲ ዓወት ንበይኖም ክወስድዎ ስለዝደሊዩ፡ ናይ ከይስዓሩ ስግኣት ኣለዎም። ኣብ ናይ ሓባር ዓወት ስለ ዘይሓስቡ ንርእይትኦም ጥራሕ ዝሓዘ ስምምዕ ክብጻሕ ይጽዕሩ። በዚ ኣቢሎም ካኣ ነቲ ናይ ዕርቂ መስርሕ ሽግር ይፈጥርሉ። ብመሰርቱ ዓወት ብዘሎካ ቅኑዕ ዕላማን ንዑኡ ንምትግባሩ ብዘሎካ ብቕዓት እምበር፡ ፈሪሕካ መሰል ናይ ካልኦት ብምንፋግ ክረጋገጽ ኣይካኣልን ኢዩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ብቕዓትን ቅንዕናን ዘለዎ ሽንኽ ኣብቲ ሙሉእ ናይ ቃልሲ መስርሕ ምዕዋቱ ዘይተርፍ ኢዩ። እቲ ኣካታዒ ጉዳይ ዝኸውን ግን፡ ኣብቲ መስርሕ ንፍልልያት ብዕርቃዊ መንገዲ እንዳኣለኻ ምኻድዶ ወይስ ብኻልእ መንገዲ ክትፈትሖ ምፍታን ይሓይሽ ኢዩ።
ነቶም ኣብ መወዳእታ ብዕርቃዊ መንገዲ ንምፍትሖም ምፍታን ዘይተርፈካ ፍልልያት፡ ኣብ ክንዲ ናብ ዝኸፍኤ ደርጅኦም ምስ በጽሑ ክትፈትሖም ምፍታን፡ ተቐላጢፍካ ብዕርቃዊ መንገዲ ክትፈትሖም ይሓይሽ።

ደቂ ሰባት ኣብዛ ዓለም ምስ ዝተፈላለየ ርእይቶኦም ብሓደ ተሳኒዮምን ተዓሪቖም ክነብሩ ኣለዎም። ንብሓባር ዘጽደቕዎ ሕጊታት ተማኣዚዞም ከም ክእለቶምን ብቕዓቶምን፡ ንርእይቶታቶም ንምዕዋት ድማ፡ ማዕረ መሰል ክህልዎም ይግባእ። ተማእዚዝካን ናተይ ርእይቶ ተቐቢልካን ጥራሕ ኢኻ ምሳይ ናይ ምንባር መሰል ዝህልወካ ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ናይ መለኽቲ ኣተሓሳስባ፡ ብመሰረቱ ቅኑዕ ኣይኮነን። ቀንዲ ሽግር ናይዚ መዋእል እዚ እውን፡ እዚ ኣተሓሳባ እዚ ኢዩ። ዕርቃዊ መንገዲ ከቢድ መንገዲ ኢዩ። ብዙሕ ጻዕርን ስቃይን ተጻዋርነትን እውን ዝሓትት ከምዝኾነ ዘካትዕ ኣይኮነን። ይኹን እምበር መተካእታ ዘይብሉ ሽግራት ዝፍተሓሉ ቅኑዕ መንግዲ ኢዩ። ፍሉጥ ኢዩ ዕርቂ ኩሉ ዝምልከቶ ሽንኻት ብቕንዕና ክግልገለላ ምስ ዝመርጽ ጥራሕ ኢያ ክትዕወት እትኽእል።

ንሽግራት ብዕርቃዊ መንገዲ ክንፈትሖም እንተዘይመሪጽና፡ እቲ ካልእ ምርጫና ብዓመጽ ክንፈትሖም ምፍታን ኢዩ። ዓቕሚ ብዘየገድስ እቲ ምርጫ መሪር ዲዩ ዘይመሪር ብዘየገድስ፡ ብመሰረቱ ዓመጻዊ ስጉምቲ ሰላማዊ መንገዲታት ቃልስኻ ኣብ ዕጹው ደረጃ ክበጽሕ ከሎ ዝስዕብ ስጉምቲ ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓቅምታትካ ኑቲ ካልእ ሸነኽ ኣዕጊቡ ፍታሕ ከምጽእ ምስ ዘይክእል ዝውሰድ ኣገባብ ኢዩ። ዓመጻዊ ስጉምቲ ዘላቒ ፍታሕ ከምጽእ ከም ዘይኽእልን፡ ናይ ዱኹማት መሳሪሒን ከምዝኾነ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። ንዓመጻዊ ኣገባብ ከም ሓያልነት ዝገልጽዎ ሸነኻት ህልዋት ይኹኑሻእምበር፡ ዓመጽ መግለጺ ናይ ዘይብቕዓትን ድኽመትን ኢዩ። ከመይሲ ዓመጽ፡ ንሽግራት ብሰላማዊ መንገዲ ንኽፈትሑ ዓቕምን ልቦናን ናይ ዝጎደሎም መሳርሒ ስለዝኾነት። ብመሰረቱ ዓመጽ ንሽግራት ናብ ዝኸፍኤ ደረጅኦም እተብጽሕ መሳርሒ እምበር መፍትሒ ሽግራትሲ ኣይኮነትን።

ኣብ ተመኩሮና ንዕርቂ ብቕኑዕ መንገዲ ክሳብ ሕጂ ኣይተጠቐምናላን። ክሳብ ሕጂ ንሽግራትና በቶም ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮም ዘሎና ጸገማት ናይ ዕርቂ ተመሪሕና ብመንገዲ ዓመጽ ኢና ክንፈትሖም ጸኒሕና። ስለ ዝኾነ ድማ ንኹሉ ኤርትራዊ ምስ ፍልልያቱ ብሓደ ክነብርን ክሰርሕን ከምዝኽእል ከነዕግቦ ኣይከኣልናን። ኩሉ ኤርትራዊ ብዕርቃዊ መንገዲ ጉዕዝኡ ንኽጅምር ነዚ ዝሕግዝ መሳርሒ ክንፈጥረሉ ኣሎና። እቲ መሳርሒ ንኹሉ ብማዕረ ዘገልግልን ንኹሉ ከኣ ብማዕረ ዝብጻሕ ክኸውን ኣለዎ። ብርእይቶና እቲ መሳርሒ፡ ብኹሉን ንኹሉን ኤርትራዊ ዘስርሕ፡ ንርእይቶ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ጸብጻብ ዘእቱ ውድብ ጥራይ ኢዩ። እዚ ብኹሉ ኤርትራዊ፡ ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዙ ዝቐውም ውድብ ካብቶም ኩሎም ጸገማት ናይ ዕርቂ ዝበልናዮም ነጥብታት ነጻ ስለዝኸውንን ብቕዓት ኩሉ ኤርትራዊ ከዋህልል ስለዝኽእልን፡ ንኤርትራውያን ከታዓርቕ ተኽእሎ ኣለዎ።

ብመሰረቱ መበገሲ ናይዚ ቆይሙ ዘሎ ሓዲሽ ሰልፊ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዕርቂ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ንምርግጋጽ ኢዩ። በዚ ኣቢሉ ከኣ ነቕ ዘይብል መሰረት ኣብ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ኢዩ። ንዕርቂ ክሕግዙ ብዘይክእሉ፡ ዓንቀፍቲ ሓሳባት ተመሪሕካ፡ ነዚ ቅዱስን ቅኑዕን ዕላማ ከም ዘይሰርሕ ንኽትገብር ምፍታትንን ነዚ ዕላማሻዚ ንምዕዋት ግደኻ ዘይምብርካትን፡ ተራኻ ኣብ ሓደ ወሳኒ ምዕራፍ ታሪኽ ሃገርካ ዘይምጽዋት ምኻኑ ኣብ ቅድሚ ኩላትና ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

ከም መጠቓለሊ ክብሃል ዝከኣል፡ ከም ሰልፊ ወይ ከም ውልቀ-ሰባት፡ ኣብ ለውጢ ዘድሊዮ ኩነታት እናነበርና ኢና ንለውጢ ንጽውዕ ዘሎና። ስለዚ እቲ ለውጢ ብኣና ክጅምርን ብዘይ ምቁራጽ ክቕጽልን ኣለዎ። ኣብ ጉዕዞና ብድሆታት ኣለውና። ምትእትታው ለውጢ ብርቱዕ ከምዝኾነ ንፈልጥ፡ እቲ ካብኡ ዝበርተዐ ግን ንዑኡ ምቕጻሉን ብኡ ቀጥ ኢልካ ምኻድን ኢዩ። ኑቲ ኣብ ሃገርና ክንተኽሎ ኣንደሊ ስርዓት፡ ቅዋማዊ፡ ፍትሕን ሰላምን ዝነገሶ ስርዓት ከነዕዉት ክንክእል፡ እቶም ናይ ለውጢ ተቓለስቲ ኣብ ደደንበናን ብሓባርን ሎሚ ከነዘውትሮ ይግባኣና። ሽዑ ኢና ድማ ኣፍና መሊእና ውሕስነታት ናይ ዓወት ተተኺሉ ክንብል እንኽእል።

የቐንየለይ